# ሓባእ ቍስሉ ሓባእ ፈውሱ

ቀለታ ኪዳነ 22/3/07

ዝኸበርኩም ደቂ ሃገር፡

ስኽ ከይብል ክፉእ እናርኣኻን እናሰማዕካን ስኽ ምባል ኣይተኻእለን። ሓቂ ምዝራብን ምግላጽን ከኣ ነቲ ምስትውዓሉን ዓቕሙን ሒደት ዝኾነ ብሃገሩ ዝጕህን ዝሓምምን ኤርትራዊ ተቓላሳይን ሓላይን ብዝያዳ ዘጕህዮን ሞራሉ ዝሃስን ዕረፍቲ ዝኸልኦን ኰይኑ ካብ ጠቕሙስ ጕድኣቱ ዝብርትዕ ኰይኑ እርእዮ ኣሎኹ። እሞ ኣብ ማእከሉ ምእታውኳ እንተኣጸገመስ ነታ ሓቂ ጕቦ ጕቦ ምባልከ ክጽላእዶኾን ይኸውን? እዚ ዝኸይድ ዘሎ ህልኸን ምፍሕፋሕን ድኣ ክሳብ ምዓስዩ? ጠቕሙኸ ንመንዩ? ኣብ ዝሓለፈ ጉባኤ ኪዳን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተረኸበ ምፍንጫልከ መሰረቱ እንታይ ነሩ? ከምቲ መብዛሕትና ዝመስለናን ንግምቶን ናይ መን ኣቦ መንበር ይኸውን ዝብል ናይ ስልጣን ምውጣጥ ጥራሕ ድዩ ነሩ? ብወገነይ ኣይኰነን። እቲ ናይ ኣርኣእያ ፍልልይ ካብኡ ዕሙቕ ዝበለን ንነዊሕ እዋን ዋላ ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምውዳቑ ዝኸይድ ክኸውን ይኽእልዩ ዝብል ሚዛንዩ ዘሎኒ።

እቲ ኣብኡ ዝተራእየ ፍልልይን ምምቕቓልን እቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ ኣብ ሕልናን ዓላማን እቶም መራሕቲ ዝጸንሔ ናይ መን ዓብለለ፡ ኣየናይ ወገንዩ ምስ ኢትዮጵያ ተሰማሚዑ ንፈደረሽን መንግስቲ ኤርትራ ዘፍረሰ፡ ኣብ ኤርትራ መንዩ ውጹዕ፡ መንዩ ቃልሲ ዝፈጠረ፡ መንዩ ዝያዳ ዝተቓለሰ፡ መንዩ መሬቱን ንብረቱን ዝተዘምተ፡ መንዩ ባህሉን ሃይማኖቱን ዝተደፍረ፡ መንዩኸ ንወጽዓን ሽግርን ሕብረተሰቡ ዝሓልን ዝፈትሕን? መንዩኸ ነታ ሃገር ብላዕለዋይ ኢድ ክመርሕን ከመሓድርን ዝግብኦ ንዝብል ሕቶታት ናይ ክልቲኦም መልስታት ዘይመሳሰልን ዘይቃረብን ምዃኑ እግምት። እዚ ሕቶታት እዚ ክምለስ ንኽከኣል ግን ምሁራትን ለባማትን ቅኑዓት ሓለይቲ ዝኾኑ ደቂ ሃገርን መንጎኛታት ምስ ዝጽምበሩዎ እምበር ብዓኻሚ ናይዞም መራሕቲ እዚኦም ክምለስን እቲ ጸገም ክፍታሕ ዝከኣልን ኣይመስለንን። እዚ ሕቶታት እዚ ከኣ ሎሚ ሃገር ኣብ ዲክታቶርነት ስርዓት ኢሳያስ ምስ ወደቐት ዝመጸን ዝተፈጥረን ዘይኮነ ካብ ጥንቲ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝጀመር ናይ ካልኦት ኣእዳው ክትኣታተዎ ዝጸንሔን ቅድሚ ሎሚ ንሃገርናን ህዝብናን ብዙሕ ዝጐድኤን ኢዩ።

ብሓጺሩ ብ1961 ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክጀመር ከሎ ናይ ነዊሕን ከቢድን ጠርናፍን ቃልሲ ሓንጺጹ ብኽንዕናን ብመጽናዕትን ከም ዘይነበረ ብሩህ ኢዩ። ክሳብ 1970 ምፍንጫላትን ውግእ ሓድሕድን ዝጀመር ከኣ ሎሚ ኣነ ኣብዚ ክደግሞ ዘይደሊ ብዙሕ ዕንወታት ተፈጺሙ ብዙሕ ደም እውን ፈሲሱ ኢዩ። ብሰንኪ እዚ ክሳብ ሎሚ ከይተዘርበሉን ከይተጻረየን ብሕቡእ ተሸፊኑ ዝነብር ዘሎ ቍስሊ ከኣ ብድሕሪኡውን እንተኾነ ካብ ሰራዊት ኮነ ተራ ህዝቢ ብዙሕ ህዝቢ ሃሊቑ ኢዩ። ድሕሪ እቲ ነጻነት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ንሃገርናን ህዝብናን ኣብ ማእሰርትን መቕዘፍትን ስደትን ኣእትዩ ዘሎ ምምሕዳር ኢሳያስ ከኣ ነቲ ዝሓለፈ ሽግራትን ውግኣትን ዝምርምርን መፍትሒ ዝገብርን ክፈጥርሲ ይትረፍ ሓድሽ ውግኣትን ምቅሕሓራትን ምፍልላይን ከም ዝትኣታቶ ኢዩ ተገሩ። ብወገን እቲ ኣብ ጀብሃ ተሪፉን ተበታቲኑን ዝነበረ ሓይልታትን

ምንቅስቓሳትን እውን እንተኾነ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንዝነበረን ዝተፈጸመን ጌጋታትን በደላትን መርሚሩ መፍትሒ ብምርካብ ተጋዳላይ ጀብሃ ነበር ተመያይጡ ትኣማሚኑን ትሓቛቚፉን ብሓደ ዝቃለሰሉ መንገዲ ኣይተረኽበን። እቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝነበረ ዘይምትእምማን ሎሚ እውን ኣሎ።

ካብቲ ሓቂ ዝበሃል ቍንጥር ኣቢልና ንእሽቶ ክንዛረብ እንተኾይኑ ከኣ እቶም ትማሊ ነንሓድሕዶም ክዋግኡን ብሂወት ክዳለዩን ዝነበሩዮም ሎሚ ዝእከቡን ዝፈናጨሉን ዘለዉ። ልቢ ሓደ ከይኰነ ብሓደ ትኣኪብካ ተጠርኒፍና ምባል ከኣ ነቲ ቅድሚ ሎሚ ዝተፈጸመ በደላትን ጌጋታትን ካልእ ጌጋታት ምውሳኽ ጥራሕ ኢዩ። እዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተረኽበ ምፍንጫላት ስለምንታይ ተረኺቡ? እቶም ኣብኡ ዝወዓሉ ሰባት ኣጻርዮም ይፈልጡዎ ኢዮም። ከም ርእይቶይን ዝግምቶን ከኣ እቲ ቀንዲ ክፈናጭሎምን በበይኖም ክኸዱ ዝገብሮምን ዓቢ ምኽንያት ብሰፊሑ ተዘራሪቦሙሉ ፍታሕ ከይተረኽበሉ ከምቲ ንገለ ዓመታት ዝጸንሑዎ ተጠርኒፍና ኣሎና እንተበሉና ተስፋ ካብ ምኻን ሓሊፉ ከፍርዮ ዝኽእል የልቦን። በቲ በብጊዜኡ ብናይ ክልቲኡ ወገን በብውልቆም ንፈልጦን ክንሰምዖ ዝጸናሕናን ከኣ ብሓደ ክሰርሑን ክትኣማመኑን ኢልካ ምጽባይ ዘይሕለም ኢዩ።

እሞ ናይ ብሓቂ እቲ ዝፈላልን ዘባእስን ዝፈናጭልን ዘሎ እንታዩ? እዚ ኣነ ባዕለይ ኣብ ላዕሊ ዝተንተንኩዎ ጥራሕ ድዩ? እዚ ነዞም መራሕቲ ተቓውሞ ዝፈናጭሎምን ዘሰሓሕቦምን ዘሎኽ ንዓታቶም ጥራሕ ዝምልከት ድዩ? ንዓናውን ይትንክፈናን ይጸልወናን ኢዩ። እሞ ካብ ኣብ ስልጣን ተባኢሶም ምባልከ ብፍላይ እቶም ኣብቲ ቃልሲ ዝጸናሕናን ውሽጥን ውሻጠን እቲ ቃልስን ፍልልያት እቶም መራሕቱን ንፈልጥ መሰረታዊ ፍታሕ ዝርከበሉ ምንዳይ ኣይምሓሸንዶ? ብሰንኪ እዚ ነንሓድሕድካ ዘይምትእምማን ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ካብ ሻዕብያ ኮነ ጀብሃ ንጸላኢ ማለት ንስርዓት ኢትዮጵያ ኢዶም ዝሃቡ፡ ድሕሪኡውን ብዝተፈላለየ ምስዚ ናይ ሎሚ ብዝመሳሰል ምኽንያት ካብ ጀብሃ ኣብ ሻዕብያ ዝሰለሙ፡ ኣብ ውግእ ባጽዕ ዝጠፍኡ፡ ሰኪሖም ካብ ቃልሲ ዝረሓቑ ሒደት ኣይኰኑን። እዚ ኵነታት እዚ ከኣዩ ንስርዓት ኢሳያስ ብዘይካይ ቅኑዕን ንኤርትራ ብማዕርነት ከመሓድር ዝኽእልን የልቦን ከብሎ ዝኽእል ዘሎ። እዚ ኵነታት እዚ ከኣዩ ንህዝቢ ኤርትራ ብስርዓት ህግደፍ እናተቐጥቀጠን እናተዳህከን ክነሱ ምእንቲ መሰሉን ክብረቱን ንኽይቃለስ ዓጊቱዎ ዘሎ።

ነዚ ዝጠቐሶ ዘሎኹ ኣብ ሃገርናን ሕብረተሰብናን ዘሎ ዓቢ ጸገም ገለ ገለ ሰባት ብኽልቲኡ ወገን ንሓንሳብ ድፍር ኢሎም ክጽሕፉዎን ክካሰሱሉን ይስማዕ ኢዩ። ጸረ ሰላምን ሓድነትን ጥርናፈን ተባሂሎም ስለዝውቀሱን ዝጽረፉን ግን እቲ ጕዳይ ብቕንዕናን ብምክብባርን ተተንቲኑ መፍትሒ ክርከበሉ ኣይተኻእለን። ሓባእ ቍስሉ ሓባእ ፈውሱ ኢዩሞ መን እንታይ ይደሊ? ብቕንዕናን ብምክብባርን ከይተዛረብናሉ ከኣ ክፍታሕን ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ሰላም ክሰፍንን ዝከኣል ኣይኰነን። እምበኣርከስ ብወገነይ ሎሚ እውን ንኹልኹም ደቂ ሃገር ዝልምኖን ዝሓቶን ብልክዕ እዚ ዝዛረበሉ ዘሎኹ ዓቢ ጸገም ኣሎና። ይኹንምበር ሎሚ ካብኡ ዝዓቢ ጸገም እውን ኣሎና። ህዝብና ተበታቲኑ ከይኣክል ካልእ ናይ ኵናትን ጥፍኣትን ደበናዩ ዘንጸላልወና ዘሎ። ስለዚ እቲ ዝፈላልየናን ዝፈናጭለናን ዘሎ ዋላኳ ክርሳዕን ሸለል ክበሃልን ዘይክእል ዓቢ ጕዳይ እንተኾነ ኣቐዲምና ብምክብባር ነቲ ኣብ ሽግርን ጸበባን

**ዘሎ ህዝብና ካብ ዝገደደ ዕንወትን ጥፍኣትን ነድሕነሉን ብምክብባርን ብምትሕልላይን ንመያየጠሉን መንገዲ ከነቐድም ዝሓሸ ይመስለኒ።**